ናይ 2017 ዓ/ም በጀት ዓመት ብወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ንሕንጣሎ ፣ ከተማ ዓ/ጉዶምን ወጀራትን ኣብያተ ፍርዲ ግልጋሎት ዝውዕል ነዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ናይ ፅሕፈት መሳርሕታት፣ ናይ ፅርየት ኣቁሑት፣ ናይ ኤሌክትሮኒስ ኣቁሑትን ፈርኒቸር ኣቁሑትን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ክገዝእ ይደሊ ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 4, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 22, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:ሕንጣሎ ዋጅራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 22, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ናይ 2017 ዓ/ም በጀት ዓመት ብወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ንሕንጣሎ ፣ ከተማ ዓ/ጉዶምን ወጀራትን ኣብያተ ፍርዲ ግልጋሎት ዝውዕል ነዞም ስዒቦም ዝተዘርዘሩ ናይ ፅሕፈት መሳርሕታት፣ ናይ ፅርየት ኣቁሑት፣ ናይ ኤሌክትሮኒስ ኣቁሑትን ፈርኒቸር ኣቁሑትን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ክገዝእ ይደሊ ስለዝይ በቲ መስመር ሕጋዊ ንግድ ፍቓድ ዘለኩም ትካላት ክትወዳደሩ ይዕድም:-

ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግበኦም ረቋሕታት

1. በቢ ዘፈር ንግዱ ዝምልከት ኮይኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድን ግብሪ ዝኸፈለ፣ መፍለዪ ቁፅሪን/tin No ናይመቅረባይነት ምስክር ወረቀትን ኣብ እዋን ጨረታ ዝኸፈተለ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ዘቕርብ።

2. ተጫረቲ ናይ ፅሕፈት መሳርሕታት፣ ናይ ፅርየት ኣቁሑት፣ ናይ ኤሌክትሮኒስ ኣቁሑትን ናይ ፈርኒቸር ኣቁሑት በቢዘርፉ ሰነድ መግዝኢ ጨረታ ዘይምለስ ብር 50.00 /ሓምሳ ብር/ ኸፊሎም ካብ ዕለት 01/04/2017 ዓ/ም ክሳብ 22/04/2017 ዓ/ም ካብ ወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ጉዶም ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳረን ብምውሳድ ዋጋ መሊኦም ብሽማዓ ዝተኣሸገ ፖስታ ናብ ጨረታ ሳንዱቅ ከእትው ዝክእል።

3. ጨረታ መክበሪ ብስፒኦ ወይም ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ኮይኑ 3000/ ሰለስተ ሽሕ ብር / ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ምስ ጨረታ ሰነድ ሓቢሩ ናብ ሳነዱቅ ዘእትው

4. እቲ ጨረታ ኮነ ኢሉ ዘዛበዐ ወይም ከጭበርብር ዝሞከረ ካብቲ ጨረታ ክወፅእ ተገይሩ ዘትሐዞ ጨረታ መክበሪ ተወሪሱ ብቲ ናይ ክልል ትግራይ ዕድጊት መምርሒ ዝድንግጎ ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

5 ድሕሪ ጨረታ ምክፋቱ ዝኮነ ይኹን መመሓየሺ ኣብ ጨረታ ሰነድ ምግባር ብፍፁም ኣይፍቐድን

6. ዝሰዓረ ኣካል ዝፍለየሉ ንዝተሓተቱ ሕድሕድ ንብረት NIEM BY IIEM ዝተሓተ ዋጋ ዘቕርብ ሰዓራይ ይከውን::

7. ተጫራታይ ዝሰዓሮ ንብረት እቲ ጨረታ ሰዓራይ ምኳኑ ካብ ዝተፈለጠሉ ክፈልጦ ካብ ዝግባእ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 3ተ መዓልቲ ኣብ 5ተ መዓልቲ ውሽጢ ናብ ወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ጉዶም መፂኡ ውዕሊ ይኣስር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8. ኣብ ጨረታ ከይዲ ቅሬታ እንተሃልዩዎ ጨረታ ውሳነ ካብ ዝረኽበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ 3ተ ተከታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ጥራሕ ናብ ወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ጉዶም ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳረን ቅሬታ ዘለዎ ቅሬትኡ ብፅሑፍ ከቕርብ ኣለዎ

9. ሰዓራይ ኣባል ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 5' መዓልቲ ብናይባዕሉ ትራንስፖርት መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ናብ ወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ጉዶም ኣታዊ ዝገብር።

10. ሰዓራይ ናይ ዝሰዓሮ ጠቕላላ ዋጋ 10% ውዕሊ መክበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይም ብስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል።

11. ተጫራታይ ካብቲ ናይ ትግራይ ናይ ዕድጊተ መምርሒ ወፃኢ ዝኮነ ናይ ግዜ ገደብ ሂቡ እንተተወዳደሩ ሰዓራይ ኣብ ዝኾነሉ ብቲ ናይ ዕደጋ መምርሒ ዝተኣናገድ ምኽኑ ፈሊጡ ናይ ባዕሉ መምርሒ ከቅምጥ ከም ዘይብሉ እንተቕመጠ እውን ተቐባልነት የብሉን።

12. ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ ኣማራፂ እንተረኪቡ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

13. ቤት ፅሕፈትና 20% ናይቲ ዝተሰዓረ ንብረት ዋጋ መጠን ናይ ምውሳኽን ምቕናስን መሰል ኣለዎ።

14. እዚ ጨረታ 22/04/2017 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ሰዓት 4:30 ኣብ ወረዳ ሕንጣሎ ቤት ፍርዲ ዓዲ-ጉዶም ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ብበዓል ዋና ሕጋዊ ወኪል/ ኣብ ዝተረከበለ ይክፈት።

➢ ንተወሳኺ ሓበሬታ ቤት ፍርዲ ወረዳ ሕንጣሎ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ር ንብረትን መብርሂ ምሕታት ይከኣልእዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle